*ኤርትራ/ERITREA*
*ህዝባዊ መኸተ - ንሰላም፡ልኡላውነት፡ልምዓት*
*HIZBAWI MEKETE – für FRIEDEN : SOUVERÄNITAT und ENTWIKLUNG*

## *ዕዉት ህዝባዊ መኸተ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ፡*

*ዕለት 24.03.2013 ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ፡ ብኣወሃሃዲት ሽማግለ መኸተ ፍራንክፈርትን ከባቢኡን ዘተወደበ ሰፊሕ ሰሚናር ህዝባዊ መኸተ ኣብ ትሕቲ "ወትሩ ድሉዋት ንወፍሪ ልምዓት" ዝብል ዛዕባ ፡ ክቡር ኣምባሳደር ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይን ኣባላት ቆንስላዊ ቤት-ጽሕፈትን ብዝተገብረሎም ዕድመ ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝመጹ ግዱሳት ሃገራውያን ፡ ብብዝሒ ክኣ መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ዝሰፈኖ ዕዉት ህዝባዊ መኸተ ተኻይዱ ፡*

*መደብ ብዝኸሪ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋቱ ፡ ኣደ መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ መኸተ ወ/ሮ ሳባ ስዩም ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም መልእኽታ ብድሕሪ ምቕራብ ፡ መእከቢና ድማ ኣብቲ ልዕሊ ፍርቂ ክፍለ ዘመን ብድፍኢት መንግስቲ ስርዓት ኣሜሪካ ፡ ባይቶ ውድብ ጸጥታን ፡ ዝተበየነ ዓማጺ እገዳን ፡ ብስርዓት ወያኔን ፡ ከደዓትን ዕሱባትን ተንበርከኽትን ፡ ኣንጻር መንግስትናን ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ፡ ሓድነትና ንምብትታንን ዝሕጐዱ ተንኮላትን ፡ ንማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ኣብ እነካይዶም ልምዓታዊ መደባትና ንምዕንቃፍን ብቐጻሊ ዝካየደዘሎ ተጻብኦታት ንምብርዓኑን ፡ ሓቢርና ድምጽና ከነሰምዕን ተግባራውነትና ከምዝሓለፉ ሎሚ'ውን ብዝያዳ ከነዐዝዝን ዝዓለመ'ዩ ክትብል ድሕሪ መግለጺ ፡*

*ቀጺሉ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይ፡ ብዛዕባ ህሉው ፖለቲካውን ዝሰላሰሉ ዘለዉ ቀጥባዊ ወፍሪ ሃገርናን መብርሂ ድሕሪ ምሃቡ ፡ ወሲኹ ኣብ ምህናጽ ሓያል ኤርትራዊ ኮም ብደረጃ ጀርመን ኣድላይነቱን ገሊጹ ፡ ኣብ መደምደምታኡ ህዝብን መንግስቲ ኤርትራን ከም ወትሩ ንኹሉ መሰናኽላት ከምዝሰግሮ ዘየጠራጥር እኳ እንተኾነ ፡ ውዳቤናን ዓቕምታትናን ኣሕይልና ፡ ብዝጻረሩና ፈተነታት ከይተደናገርና ንክንምክት ሓድነትና ከንዕቅብን ከነደልድልን ፡ ንኤርትራ ብቑጠባ ንምሕናፃ ዝካየድዘሎ ውዲት ንምብዳህን ፡ ተሳትፎ ቀጠባዊ ወፍሪ ንሸዓቢ ግደ ኩሉ ዜጋ ምዃኑ ንተሳተፍቲ ኣኼባ ለበዋኡ ለገሱ ፡*

*ኣስዒቡ ብዶ/ር ኣምኒኤል ትኩእ ኣብ "ስነ/ኣእምሮኣዊ ኩናትን ሳዕቤናቱን " ብመንእሰይ ሰምሃር ገብርኣብ "ተራ መንእሰያት ኣብ ምሕያል መኸተ" ከምኡ'ውን ብሽ/መኸተ ፍራንክፈርት ኣቶ መድሃኔ ተስፋኣለም " ንሕናን ግዳማውን ውሽጣውን ተጻብኦታትናን" ዘርእስቶም ንተሳተፍቲ ዓቢ ኣፍልጦ ዝህቡ ኣስተምህሮታትን ክቐርቡ ከለዉ ፡ ብተሳተፍቲ መደብ ድማ ሃናጺ ዝኾነ ክፉት ዘተን ለበዋታትን ስምዒት ህዝቢ ዘሰራስረ ካበየ ከተማኡ ግጥምታት ቀሪቡ ፡*

*ኣብዚ ዕዉት ህዝባዊ መኸተ ፡ ካብ ከተማታት በርሊን ፡ ስቱትጋርት ፡ ካርልስሩሀ ፡ ማንሃይም ፡ ዳርምሽታት ፡ ወረዳ ኦፍንባኽ ፡ ወረዳ ግሮስጌራው ፡ ማይንስ ፡ ቪዝባደን ሊምቦርግ ፡ ወረዳ ቬተራው ፡ ጊሰን ፡ ፉልዳን ብቀንዱ ፍራንክፈርትን ከባቢኡን ኣስታት 1500 ዝበጽሑ ግዱሳት ዜጋታት ተሳቲፎሞ ፡*

*ተሳተፍቲ መኸተ ፡ ስርዓት ወያነን መወልቱን ! ካብ መስርሕ ህንጸት ንልምዓት ሃገር ንሙኹላፍናን ወግሐ ጸብሐ ዝጥጆኡ ሽርሕታት ብዑመቀት ድሕሪ ምግምጋም፡*

ካብ ኣየናይ መንጪ ከምዝዛረቡን እንታይ ከምዝመስሉን ፡ ነዚ እኩይ ውጥናትን ፡ ንመንግስትናን መራሕትናን ብፈጠራዊ ጸለመ ጸለሎ እናቐባእካ ዝድረሱ ተዋስኦን ፡

ሓድነትና በታቲኽም ብቐንዱ ንሃገራዊ ልዑላውነትና ኣብ ሓደጋ ንምውዳቕ ዝፍሓሱ ተንኮላት ብዝደቐቐ ኣስተብሂልና ፡ ኤርትራዊ ክብርትታትና እናሓለና ፡ ሓንቲ ሰላምን ራህዋን ዝዓሰላ ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝነገሳ ፡ ምዕብልትን ዘይትድፈር ሃገረ ኤርትራ ንምህናጽን ፡ ብህዝብን መንግስትን ዝውሰዱ ዘለዉ እዋናዊ ውሳኔታትን ዝትግበሩ ዘለዉ ናይ ልምዓት መደባት ብዕቱብ ብድሕሪ ምዝታይ ፡ ነዞም ዝስዕቡ ውሳኔታት ኣሕሊፉ፦

1. ንኹሎም'ቶም ሰላምን ዕብየትን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዘይደልዩ ፡ ንነኣሽቱ ፍጻመታት ኣተዓባብዮምን ዘይትርጉሙን ትንታኔኡን ሂቦም ፡ ዘይነበረን ዘይተገብረን ፍጻሜታት እናደረሱ ፡ ብስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት ኣብ ህዝቢ ናዕብን ፍልልያትን ከሳውሩ ኣብ ህርድግ ዝርከቡ ደመኛታት ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ኣትሪርና ንኹንን ፡

2. ኣብ ጐድኒ ህዝብናን መንግስትናን ኰይንና ከም ወትሩ ውዲቶም ንምፍሻል ለሚ'ውን መኸተና ከነዛይድ ድሉውነትና ነረጋግጽ ፡

3. ነዚ ሓያል ቍጠባዊ ዝላ ፡ ንሓዋሩ ዘምጽኦ ዕብየትን ፡ ምስኡ ንዝረጋገጽ ሰላምን ቅሳነትን ፡ ክርእዩ ዘይወሓጠሎም ተጻባእቲ ፡ ቍጠባዊ ጒዕዞና ንምዅላፍ ዘናፍሕዎ ዘለዎ ዝተፈላለየን ኣደናጋሪ ሓሶትን ጸለመን ፡ ኣትሪርና ንኹንን ፡

4. መንግስትና ካብ'ቲ ዞባውን ኣህጒራውን ምትሕብባር ዝብል ቅኑዕ መትከሉ ተበጊሱ ፡ ምእንቲ ሰላምን ምሕዝነትን ኣብ ከባቢና ዘካይዶ ዘሎ ውሕሉል ዲፕሎማሲያዊ ኣተሓሕዛ እናመጒስና ፤ እቲ ኣብ ክንዲ ሰላም ህውከት ፡ ኣብ ክንዲ ምዕባለ ከበሮ ኲናት ዝድስቕ ፡ ንኣህጉራዊ ሕግን ብይንን ረጊጹ ዘሎ ስርዓት ወያነ ብህጹጽ ካብ ልዑላዊ መሬትና ክወጽእ ደጊምና ነትሓሳስብ ፡

5. እቲ ጭብጥን መርትዖን ዘይብሉ ዘሕንኽ ዓማጺ እገዳ § 1907 ን § 2023 ዝፍለጥ ብዘይ ውዓል ሕደር ክልዓል ንጽውዕ ፡

6. ነቲ መንግስትና ብቀጻሊ ክጠልቦ ዝጸንሐ ንሃናጺ ጽምዶ ሃገረ ጀርመንን ሕብረት ኣውሮጳን እናደገፍና ፡ ሕብረት ኣውሮጳ ከም ኣውሓሲት ውዕል ኣልጀርስ መጠን ንተግባራውነት ውዕል ኣልጀርስ ሓላፍነታ ክተልዕል ደጊምና ንጽውዕ፡

7. ከምቲ ``ጭጒራፍሲ ንባዕላ ወቒዓ ተእዊ`` ዝበሃል እቶም በቲ ኣብ መንእሰያትና ኣብ በረኻታት ሲናይ ዝበጽሖም ዘሎ ኣደራዕ ፡ ቀንዲ ትሓተትን ሃዋርያት ጥፍኣትን ክንሶም ፡ ደይ መደይ ኢሎም ንመንግስቲ ኤርትራ ከላግቡን ብምግሃስ ሰብኣዊ-መሰል ክኸስዎ ዝህቅኑ ዘለዉ ከንቱ ፈተነታት ኣጥቢቕና ንኹንን ፡

8. መንግስቲ ኤርትራ ኣህጒራዊ ሕጊ ተኸቲሉ መሰል ዜጋታቱ ንምኽባርን ወጽዕኦም ንምውጋድን ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት እናደገፍና ፡ ነቲ ውጥን መንግስትና ፡ ኣብ ነብስኻ ምኽኣል ምርኩስ ብምግባር ፡ ዘሰላስሎ ዘሎ ናይ ነጥበ-መቐይሮ ውህሉል ቍጠባዊ ዕብየት እናኣደነቕና ፡ ኣብ'ቲ ተሪፉ ዘሎ ሃገራዊ ዕማም ከም ዜጋታት እጃምና ከነበርክት ቅሩብነትና ነረጋግጽ ፡

9. ዓይኖም ሰለም ከየበሉ ፡ ብሓደ ኢዶም ኣፍራዛ ሃገር ንምልማዕ ፡ በቲ ካልእ ንልዑላዊ መሬትና ከይደፈር ኣብሓለዋ ዝርከቡ ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ እናመጐስና ወትሩ ኣብጐደኖም አለና ፤ ክንህሉ ኢና ፡

ኣብ መደምደምታ ፡ ንዅሎም እቶም ፡ ብስም ዲሞክራሲ ፡ መሰል እምነት ፡ ሰብኣዊ መሰላት ወዘተ…፡ ተጣበቕቲ ኢና ብሃልቲ ፡ ኣብተግባር ግን ሰላምና ክዘርጉ ዝህቅኑ ጐይተቶምን ከደምቶምን ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ከምንምክቶም ቃል እናኣቶና ፡ ክንዕወት ምዃንና ክኣ ኣጸቢቕና ንፈልጥ ፡

ኤርትራ ንዘልኣለም ተኸቢራ ትንበር !
ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ !
ሽ/ ህዝባዊ መኸተ ፍራንክፈርትን ከባቢኡን ዕለት 24.03.2013